ንዓኻ ጸረ ናይዞም ዚስዕቡ ክታበታት ክይወስድ ዘሎካ

ንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ሩበላ

Folkhälsomyndigheten

እዞም ሰለስተ፡ ንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ሩበላ ዝተባህሉ ሕማማት፥ ኣዝዩ ከቢድ ሕማም ከስዕቡልካ ዚኽእሉ ሓማማት’ዮም። ክታበት ጽቡቕ ምክልኻል ናይቶም ሕማም ዚህብ’ዩ።

ሓደ **ንፍዮ** ዝሓዘ ሰብ ብርቱዕ ረስኒ ይገብረሉ፥ የስዕሎ፡ ኣብ ኣካላቱ ውን ሹፍታ ይገብረሉ፥ ብጽኑዕ ውን ኪሓምም ይኽእል’ዩ።

ሕማም **ጽግዕ** ድማ ንምዕጉርትኻ የሕብጦ። ብጽኑዕ ውን ክትሓምም ትኽእል ኢኻ።

እቲ ብሕማም **ሩበላ** ዝተታሕዘ ሰብ፥ ረስኒን ሹፍታ ናይ ኣካላትን ይገብረሉ። ሓንቲ ጥንስቲ ሰብ ብሩበላ እንተ ተታሒዛ፥ እቲ ዚውለድ ቆልዓ ከቢድ ጉድኣት ኣጋጢሙዎ ኪውለድ ይኽእል’ዩ።

እዞም ሰለስተ ሕማማት’ዚኣም ብቐሊሉ ኣብ መንነ ሰባት ኪመሓላለፉ ዚኽእሉ ብምኺኖም፥ ንሰባት ኪልበዱ ይኽእሉ እዮም።

ብዙሓት ሰባት ዝተኽትቡ ምስ ዚኹኑ ግን፥ ውሑዳት’ዮም እቶም ዚለግቦም

ንስኻ ናይዞም ሰለስተ፡ ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩበላን ሕማማት ክታበት ዝግበረካ፥ ንርእስኻ ካብ ምሕማም ትከላኸል፡ ንኻልኦት ውን ኣይ ተልግ ብን። ብዙሓት ሰባት ክታበት ወሲዶም፡ ዝልበዱ ሰባት ሰብ ምስ ዘይርከቡ፥ እቲ ሕማም ባዕሉ ጠሪሹ ኪጠፍእ ይኽእል’ዩ።

እቲ ጸረ ንንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ሩበላ ዚወሃብ ክታበታት 2 ጊዜ’ዩ ዚወሃብ። እቲ ሓደ ኣብ "ማእከል ክንክን-ሕጻናት" እቲ 2ይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይወሃብ።

ኩሎም ’ቶም "ብማእከል ክንክን-ሕጻናትን" ብቤትምህርቲን ዚወሃቡኻ ክታበታት፥ ብድሌ ትካ ትወስዶምን ገንዘብ ዘይክፈሎምን እዮም።

ብዚያዳ ክትፈልጥ ትደሊ’ዶ?

ሕቶታት ምስ ዚህልዉኻ ኩሉ ጊዜ ምስታ ነርስ ናይ ቤትትምህርቲ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ክታበት ብኽምዚ ዚስዕብ ይትግበር

ቅድሚ እቲ ክታበት

ቅድሚ ክታበት ምውሳድካ ሕቶታት ምስ ዚህልወካ፥ ምስ ሓደ ዓቢ ሰብ ካብ ስድራ ቤትካ ወይ ምስ ነርስ-ቤትትምህርቲ ክት ዛረብ ትኽእል ኢኻ። እንተ ደሊኻ ውን ናብቲ ትገብሮ ምብጻሕ ሓደ ዓቢ ሰብ ተማ ሊእካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ክታበት

እታ ክታበት ትህበካ፡ እታ ነርስ- ቤትትም ህርቲ እያ። እቲ ክታበት ኣብ ምናት ኢድካ ኢኻ ትውግኣ።

ድሕሪ እቲ ክታበት

መብዛሕትኣም ሰባት ብድሕሪ’ቲ ክታበት ዚስምዖም ነገር የልቦን ወይ ውን ኣብቲ ዝተወግኡሉ ቦታ ጥራይ’ዩ ዘቐንዝዖም። ንገለ ሰባት ረስኒን ቃንዛ ጭዋዳታትን ይግ በረሎም’ዩ። እዚ ሓደገኛ ኣይኰነን፡ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ውን ዚሓድገካ’ዩ። ብድ ሕሪ’ቲ ክታበት ምውሳድካ ብዛዕባ ገለ ነገር እንተ ተሻቒልካ፥ ባዕልኻ ወይ ወለድኻ ምስታ ናትካ ነርስ ናይ ቤትትምህርቲ ወይ ትካል ክንክን-ሕማም ርክብ ክትገብር ይክ ኣል’ዩ።

ናይ ሽወደን መደብ-ክታበታት

ኣብዚ፡ ኣብ ሽወደን ነቶም ከቢድቲ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንዅሎም ቆልዑ ዚወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣሎኻ።



FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, 2023. ARTIKELNUMMER 23180-5. FORM, SÖDRA TORNET